# ኣይንገራህ

ወዲ ኤረ በሊሕ መስተውዓሊ፡
ጓል ኤረ ክብርቲ ብዓልቲ ዓቕሊ፡
መሲሉዎም ኩፉእ ታሪኾም ዘበሊ፡
ይብሉ ኣለዉ ጃንዳ ሰላም ኢና ንደሊ።

ሕጂኸ መን ኮን ተሪፉዎም፡
ገፈል ንገፈል ቀደም ኣኻኺቦም፡
ምድማር ድዩ ምግዳል ጠፊኡዎም፡
ሎምስ ኣይርከብን ዝሕወስ ኣብ ሕልሞም።

ብስም ሰላም ክንደይ ዘይዋጠዩ፡
ፍርዲ ተዋሂቦም ምትግባር ዝኣበዩ፡
ብደገ ክመስሉ ኣናብስ ብውሽጢ ዝበኸዩ፡
ናይ ወያነ ጉዳይ ፍሉይ'ዩ ጠባዩ።

ንሶም እኳ ንሰላም ክንደይ ከይሓስብዎ፡
መወልቶም ዘዝብሉዎ እናደገምዎ፡
ኣቓልቦ ቃልሲ ህዝቦም መታን ክጠውዩዎ፡
ሉጓም ተበቲኹ እዩ ኣበይ ደው ከብሉዎ።

ሰላም ድኣ ንሕናንዲና ዝጠለብና፡
መታን ክህሉ ጽቡቕ ጉርብትና
ንኹሉ ክፍኣቶም ሸለል ኢልና፡
ህዝብታት ኺይብደሉ መርገጽ ዘነጸርና።

ዓመታት ሓንጊዱ እምቢ ዝበለ፡
ሕጂ ሮድ ማፕ ንሰላም ኣለኒ እንተበለ፡
ብጃካ ሰላም እንታይ ኣሎ ዝድለ፡
መንግስትናስ ብቐደሙ ከምኡ እንድዩ ዝበለ።

እንተ ኾነ ግን ተመን ዝረኤ ብልሕጺ ተዳህለ፡
ዝበሃል ኣሎ ናይ ኣቦታት ምሳለ፡
እቲ ንፈልጦ ወያነ ሕብሩ እንተ ኾሓለ፡
ተመን ምኻኑ ኣይተርፎን ልሕጺ'ዩ ኣይንበለ።

ንህዝብና ሰላም ክኸልእዎ፡
እንታይ ኣሎ እኪይ ዘይፈተንዎ፡
ሕጂ ከኣ ሰሪዖም ኣግኣዝያን ዝብልዎ፡
ፕሮፓጋንዳ ወያነ ኩሉ ፈሊጥዎ።

ኣይንገራህ ነስተውዕል ነገሩ፡
ንቕሓትና ነዕቢ ንፍለጦ መሽጎራጉሩ፡
ወያነ ውርሻ'ኡ'ዩ  ሓሶት ተግባሩ፡
ሎሚ ዝማሃዞ ኣይኮነን ታሪኽ ዘክሩ።

እወ ሰላም ድኣ ንሕና እንዲና ደሌይታ፡
ልዕሊ ኩሉ ነበርኻ ከይህልዋ መሰታ፡
መቐረታ ስለ ንፈልጦ ላዕላያ ታሕታ፡
እንታይ እሞ ይገበር ብጃንዳ እንደሞ ሞይታ።

ኣብ ብልሒ መላጸ ደው ኢሉ ዝደበለ፡
ኣብ እሳተ ጎመራ ሓምቢሱ መሰስ ዘለ
ተኮሊ ወያነ ኣይጠፍኣን ወዲ ኤረ፡
ሰላም ክብል እንድዩ ዓመታት ተበደለ፡

ሰላም ብፈደላ ጥራሕ ኣይኮናን ንፈልጣ፡
ኣብ ዕዳጋ ኣይንሸጣ ኣይንልውጣ፡
እምነትና ምኽና ኩሉ ይፍለጣ፡
ስለ ሰላም ኢና ሰጊርና እቲ ኩሉ ጣጣ።

ሰላም ኣይትነብርን እያ ጅሆ ተታሒዛ፡
ሓሚማ ኣይትጽወርን ብቕቓረዛ፡
ጃንዳ ምስ ኮራኩርኪ ሕጂ ተናዘዛ፡
ህዝቢ ኢትዮጵያ ቀሪቡ'ዩ ስልጣኑ ኽሕዛ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር